ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام و الثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

# ርኢቶና ኣብ ህልው ኩነታት ኢትዮጵያ

ኣብ ጎረቤትና ኢትዮጵያ ቀቅድሚ ለውጢ ይኹን፡ ኣብ እዋን ልውጢ ክገርር ዝጸንሐን ዘሎን ህልው ፖለቲካዊ ዓሚቕ ቅልውላው ብኣንክሮ ኪንከታተሎ ጸኒሕናን ኣሎናን። ከምኡ ስለዝኾነ ፖለቲካዊ መስርሕ ኢትዮጵያ ሓደገኛ መፍለዪ መንገዲ ይሒዝ ምህላዉ ብሓፈሻዊ ጥንቁቅ ኣቀራርባ ኪንእምት'ውን ጸኒሕና ኢና።

ኢትዮጵያ ከም ጂኦ ፖለቲካዊ ካርታ መጠን፡ ልክዕ ከም'ተን ኩለን ኣብ ዓለምና ዘሎዋ ሃገራት ብማሕበረ ፖለቲካዊ ሓይልታት መስርሕ ዝተሃነጸት ሃገር ዳኣ'ያ'ምበር፡ ብተፈጥሮ ዝቖመት ኣይኮነትን። ናይ ገዛእቲ ስርዓታት ፖለቲካ እንተ ተዓሪዩ እትዕረን እትሰምርን'ያ። ናይ ገዛእቲ ስርዓታት ፖለቲካ እንተ ተበላሽዩ እትሒዞ መልክዕን እትወስዶ ጊዜን በየገድስ፡ ብርግጽ እትሕንፈሽን እትብተንን'ያ። ስለዚ ኢትዮጵያ ብተፈጥሮ ከም ዝተወሃበት ማና ሃገር ጌርካ ምርኣይ ኣብ ዘብጽሕ ይብሉን።

ታሪኽ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ በብመድረኻቱ ናይ ውሱን ሕብረተ ሰብ ዝናን ረብሓን ዝሓሎወ ሒላገትን፡ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ክፍልታት ሕብረተ ሰብ ድማ በብግዜኡ እናረኸሰ ዝደምን ዝመግልን ቁስልታትን ዝሓደገ'ዩ። ክልቴ በላሕቲ ተጻረርቲ ጫፋት ዝተሰከመ ታሪኽ'ዩ። ናይ'ቶም ገዛእቲ ደርቢታት ወረስቲ ዝናታትን ረብሓታትን ዝኾኑን፡ ናይ'ቶም ግዳያት ክፍልታት ሕብረተ ሰብ ዝኾኑን ፖለቲካውን በርጌሳውን ሕብረተ ሰብኣዊ ሓይልታት፡ ብዛዕባ ጉዳይ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝምልከት ዛጊት ሓባራዊ መዕለቢ ክገብሩሉ ኣይከኣሉን ኣሎዉ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ መድረኻት ኢትዮጵያ ናይ ገዛእ ርእሱ ዘይምርግጋእ ፖለቲካዊ ስምብራት የቐምጥ ኣሎ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ በብከባቢኡ ብዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ በርጌሳውን ሙሁራትን ሓይልታት፡ ሕቶ ሃገራውን ክልላውን ምርጫታት ኣብ እዋኑ ምክያድ፣ ሕቶ ሓደስቲ ክልላት ምምስራት፣ ሕቶ መንነት፣ ሕቶ ምምላስ መሬት፣ ሕቶ መልክዕ ፈደራልዊ ስርዓት፣ ሕቶ ምምሕያሽ ሕገ መንግስቲ፡ ሕቶ ባንደራን፡ ሕቶ ጊዝያዊ መንግስቲ ምቛምን ዝኣመሰሉ ክለዓሉ ጸኒሖምን ኣሎዉን። ኣብ ርእሲኦም ካኣ በብጊዜኡ ብዘይምቁራጽ ዝሕደሱ ሕቶታት ሰናይ ምሕደራን ሕቶ ዕድላት ስራሕን ይድረቡዎም'ዮም። እዞም ሕቶታት'ዚኣቶም ኣብ ኣሰላልፋ ማሕበረ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኢትዮጵያ መሰረታውን ኣዝዩ ዝተቀለጠፈን ምቅይያራት ፈጢሮም ኣሎዉ። ከምኡ ስለዝኾነ ካኣ፡ ህልው ፖለቲካዊ ቅልውላው ኢትዮጵያ ብምልክዕ ኮማት (እኩባት) ዝረአ''ዩምበር፡ ብመልክዕ ተናጽል ዝረአ ኣይኮነን። እዚ ማለት ካኣ፡ ህልው ቅልውላው ኢትዮጵያ፡ ብህልው ጭቡጥ ኣሰላልፋ ማሕበረ ፖለቲካዊ፣ በርጌሳዊ፣ ሙሁራትን መራሕቲ ሃይሞኖታትን ዝረአ'ዩ'ምበር፡ ቁንጽብ ኣቢልካ ብዓይኒ ብልጽግና ፓርትን ህወሓትን ጥራይ ዝረአ ኣይኮነን ማለት'ዩ። እዚ ካኣ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኮነ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መሕበረ ሰብ ፍሉይ ትኩረት ዝስሒብ'ዩ። እዞም ሕቶታት'ዚኣቶም ብስልጡን ፖለቲካዊ ጥበብ በብጊዜኦም ከከም ኣመጻጺኦም ስለዘይተፈተሑ፡ ንኢትዮጵያ የድምይዋ ኣሎዉ። ብሰንኪኡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኢትዮጵያ ኣብ ሓቀኛ መቕድም ሓደገኛ ጀቕጀቕ ፖለቲካ ሕንፍሽፍሽ ተረግሪጋ ኣላ።

ሓዲሽ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብዶክቶር ኣቢይ ኣሕመድ ዝምራሕ ዲክታቶርያዊ ፌደራላዊ መንግስቲ፡ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብኣቆጻጽራ ግእዝ ኣብ መወዳእታ ሰሙን መስከረም ሰኑይ 25 መስከረም 2012 (5 ጥቅምቲ2020) ሕጋውነቱ ስለዘብቅዕ፡ ካብኡ ንደሓር ኣብ ኢትዮጵያ ብህዝቢ ዝተመርጸ ሕጋዊ መንግስቲ ስለይህሉ፡ ናይ ሓደራ ጊዝያዊ መንግስቲ ምቛም ከም ዝጠለበ ዝዝከር'ዩ። (መግለጺ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ረአ)። ከምኡ'ውን ቤት ምኽሪ ፌደረሽን ኢትዮጵያ 26 መስከረም 2013 ( 6 ጥቅምቲ 2020) ሻዱሻይ ዘመን ቀዳማይ ኣኼባ ኢሉ ኣብ ዝሰመዮ፡ ናይ ትግራይ ክልላዊ መንግስቲ ሕጋዊ ስለዘይኮነ ምስኡ ዝተኣሳሰሮ ዝምድና ከምዘይብሉን፡ ምስ ታሕተዎት መሓዉራት ክልል ትግራይ (ቀበለታትን ወረዳታትን) ጥራይ ከም ዝሰርሕን፡ ናይ ትግራይ ድጎማ ባጀት ምቅራጽን ወሰነ። (ውሳኔታት 6ይ ዘመን ቀዳማይ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ፌደረሽን ረአ)። እዚ ናይ ሕድሕድ ፍልጦ ምንፍፋግ ተርእዮ'ዚ፡ ናይ'ቲ ኢትዮጵያ ዝጠሓለትሉ ስሩጽ ቅልውላው ጽዑቕ መግለጺ'ዩ።

ብድሕሪ'ዚ ሓፈሻዊ መብርሂ'ዚ መግለጽና፡ ንሕና ከም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ከም'ቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሰላም ዘገድሰና፡ ዞባውን ኣህጉራውን ምርግጋእን ሰላምን ኣዝዩ የዘገድሰና'ዩ። ንቕጻልነት ስሙር ህዝብን ስምርቲ ሃገርን ኢትዮጵያ ልዑል ሓቀኛ ሓልዮት ከም ዘሎና መጠን፡ ኣብ ህልው በሊሕ ቅልውላው ኢትዮጵያ ዘሎና መርገጺ ዝስዕብ'ዩ።

1) ኢትዮጵያ እትሒዞ ዓይነት ግዝኣትን መልክዕ ምሕደራን ብዘይዝኾነ ቅድመ ኩነትን ብዘይዝኾነ ግዳማዊ ተጽዕኖታትን፡ ናይ ብሄራት፣ ብሄረ ሰባትን ህዝቢታትን ኢትዮጵያ ርትዓዊ መሰል ምዃኑ ንኣምን። ከምኡ'ውን ናይ ህዝቢታት ኢትዮጵያ መሰል ዘውክል፣ ወይ ዝትክእ ዝኾነ ግዳማይ ሓይሊ ከምዘይህልው ንኣምን።
2) ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ኢድ ኣእታውነት ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብትሪ ንኹንን።
3) ህልው ኩነታት ኢትዮጵያ ናብ ዝበኣሰ ከይቕጽል ምእንቲ፡ ህልው ተሃዋሲ ጭቡጥ ኩውንነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ክልትኡ ወገናት (ፌደራላዊ መንግስትን፡ ሓዲሽ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን) ቅቡል ሕድሕድ ሕድገታት ብምግባር፡ ሓደ ነቲ ካልእ ፖለቲካዊ ፍልጦ ምሃብ ንጽዊዕ።
4) እንተስ ህልው ሕገ መንግስቲ ምቕጻል ኮነ፡ ወይ ምምሕያሹ፡ ገለ ወገናት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ወገናት ርኢቶኦም ብስነ ሞጎት ሓይሊ ብዘይምጽዓን፡ መላእ ተሻረክቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣጠቓላሊ ሰላማዊ ፍታሕ ንምንዳይ፡ ብዘይቅድመ ኩነት ኣብ ክቢ ጠረጴዛ ሃገራዊ ዘተ ምክያድ ንጽዊዕ።
5) ኩሎም ፖለቲካዊ፣ ሰቨካዊ፣ ሙሁራት፣ መራሕቲ ሃይማኖታት፣ ኣባ ገዳታትን ዓበይቲ ዓድን ኢትዮጵያ፡ ስሙር ህዝቢን ስምርቲ ሃገርን ኢትዮጵያ ንምህናጽ ጥጡሕ ሰላማዊ ሃገር ሓቝፍ ፖለቲካዊ ባይታ ንምንጻፍ፡ ንዋላ ሓደ ወገን ዘይግልል ኣካቢ ጉባኤ ሃገራዊ ዕርቂ ብቕልጡፍ ምክያድ ንጽዊዕ።
6) ኣብ ሕቲ ጽላል ሃገራዊ ዕርቂ፡ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ዝተሰማምዑሉ ሕገ መንግስቲ ዘውሒሶም ኣብ ትሽዓተኡ ክልላት ሃገራውን (ፌደራላዊ) ክልላውን፡ ኣብ ትግራይ ድማ ሃገራዊ ( ፌደራላዊ)፡ ምርጫታት ምክያድ ንጽዊዕ።
7) ሕብረት ኣፍሪቃን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን፡ ኢትዮጵያ ናብ ሓደጋ ሕንፍሽፍሽ ዝንቱ ተጻብኦታት ንምግታእ ብዘይወዓል ሕደር ሰላማዊ ጻዕሪታት ክከይዱ ንጽዊዕ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
12 ጥቅምቲ 2020